ሓፈሻዊ መረዳእታ፡ መጋቢት/MARCH 2003
ብናይ ኣንስትዮ ሓኪም ምርኣይ እደልይ

# ብናይ ኣንስትዮ ሓኪም ምርኣይ እደልይ

ኣብ ሮያል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣስቤዳለ ሓደ ሓደ ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ምውላድ፣ ናይ ግብረስጋ ጥዕና ጉዳይ ክዛረባ ወይድማ ብዛዕባ ናይ ርሕሚ ደቂኣንስቶ መርመራ ክገብራ እንከሎ ምስ ኣነስታይ ሓኪም ምኳን ይመርፃ እየን። ሓደ ሓደ ግዘ ብናይ ደቂ ኣነስትዮ ሓኪም ክትርኣያ እንከሎ ግናስ ካልእ ግዘ ኣይካኣልን እዩ።

ነዚ መረዳእታ ወረቐት ክነዳልው እንከሎ ንምንታይ ኩልግዜ ብናይ ደቂ ኣንስቶ ሓኪም ክትርኣያ ከምዘይካኣል ንምግላፅ እዩ።

ናትና ናይ ሕክምና ጉጅለ ዝተዳለወ ብዝተኻኣለ መጠን ናብ ኣስቤዳለ ዝመፃ ደቂ ኣንስትዮ ፅቡቅ ምክንኻን ክረኽባ ከምዝኽእላ ተጌሩ እዩ። ናይ ሕክምና ሰራሕተኛ ኩሎም ክምክእለቶምን ከምልምዶም በብተራ ክሰርሑ ተጌሩ እዩ።

ኣብ ስራሕ ዝርከብ ሓኪም ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ተግባር ክነብሮም እንከሎ ንሕሙማት ብዝሕ ዝበለ ምክንኻን ይገብሩ እዮም። ሓኪማት ካብ ዝርዝር ኣስማት ንስራሕ ክሳብ ዝጽውኡ ናቶም ዘበሉ ሕሙማት ክሳብ ነዊሕ ግዘ ክፅበያ ከምዘይብለን እዩ ወይድማ እቲ ሕማም ኣብ ሕማቅ ደረጃ ከበፅሕ ይኽእል እዩ። ሓኪማት ኣብ ስራሕ ዝውእሉሉ ሹም ዝርዝር መሰረተ ተግባራዊ እንተኾይኑ እቶም ሕሙማት ፅቡቅ ምክንኻን ከምዝረኽባ እየን። እዚ ማለት ኩልግዘ ብጀካ ኣብ ዝርዝር ተራ ዘሎ ሓኪም ምክንኻን ንስኻትክን ትደልዮ ሓኪም ክርእየኽን ከምዘይኽእል እዩ።

ኩሉ ሓኪማት ደቂ ኣንስትዮን ተባእቶ እዮም ከምኡ'ውን ተማሃሮና ብክብሪን ናይ ብሕቲ መረዳእታ ብምሽጢር ከምዝሕዞ ስልጠና ወሲዶም እዮም። ከምኡ'ውን ኣብዚ እዋን ሓደ ሓደ ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ባህሊን ጾታን ዘለዎን ዘተሓሳስብ ጉዳያት ስልጠና ወሲዶም ከምዝተረድኦም እዩ። ኣወዳትን ደቂ ኣንስትዮ ዶክተራት ኩሎም ሓደ ዓይነት ስልጠና ስለዝረኸቡ ንአኻትክን ንምክብኻብ ማእሮ ዘለዎ ምድላው ከምዝገበሩ እዮም።

ኣብዘለና ሓላፊነት ውሽጢ ኣብ ሮያል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣስቤዳለ ንቅድሚት ሓኪማት፣ መሕረሲትን ካልኦት ናይ ሕክምና ሰብ ሞያ ስልጠና ምዛብ እንከሎ ውላድክንን ቖፃላይ ትውልዲ ፅቡቅ ናይ ጥዕና ምክንኻን ይረኽቡ እዮም። ናይ ተባእቶን ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛን ተማሃሮን ክንኽባከቡ እንተፈቂድክን ሓኪማት ሙሉእ ስልጠና ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ኣብዚ ዝስዕብ ስፍራታት ብደቂ ኣንስትዮ ሓኪም ንምርኣይ ንዝቐርብ ሕቶ ብዙሕ ግዘ ክነማልእ ኣይንኽእልን፡

- ኣብ መዋለዲ ኣራት ክፍሊ
- ኣብ ኦፕሬሽን ዝግበረሉ ክፍሊ
- ኣብ ድንገተኛ መሓከሚ ክፍሊ

ሓፈሻዊ መረዳእታ፡ መጋቢት/MARCH 2003

**ብናይ ኣንስትዮ ሓኪም ምርኣይ እደልይ**

ኣብዚ ዝስዕብ ኩነታት ብደቂ ኣንስትዮ ሓኪም ንምርኣይ ንዝቐርብ ሕቶ ሓደ ሓደ ግዜ ክነማልእ ኣይንኽእልን፡

- ሰበይቲ ፍሉይ ምክንኻን ዘድልዮ ናይ ሕማም ፀገም እንተሃልይዋ። ምኽንያቱ ሓደ ሓደ ሓኪማት ፍልይ ኣብዝበሉ መስከታት ብዙሕ ልምዲ ስለዘሎም እዩ። እዞም ሓኪማት ብዙሕ ግዜ ኣወዳት እዮም። ከምኡ'ውን ሓደ ሓኪም ጥራይ ንዝኾነ ሕክምና ክእለት ዘለዎ እሞ ንኣኽን ዘድልይ ክኸውን ይኽእል።
- ቀፀሮ ንምሃዝ ወይካዓ ህጹጽ ዝኾነ ናይ ምክንኻን ድሌት እንተሃልይክን ኣብዚ እዋን ዘሎ ተረኛ ሓኪም ተባእታይ ክኸውን ይኽእል።
- እቲ ሓኪም ንድንገተኛ እንተተፀዊሉ ወይካዓ ኣብ ናይ ሕማም ፍቓድ እንተኾይኑ።
- ምንም እንኳዕ ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሓኪም ሕቶኽን ተማላእና'ውን ንዝግበር ቀፀሮታት ኩሉ ደቂ ኣንስትዮ ሓኪም ክነቕርበልክን ከምንዘይኽእል ምፍላጥ ኣለኽን።

ብዛዕባ ተባዕታይ ወይካዓ ደቂ ኣንስትዮ ሓኪም ዝምልከት ፍሉይ ሓሳብ እንተሃልዩክን መሕረሲት ንምርኣይ ኵፀሮ ምሃዝ ተኽእላ።

ኣብዝግበረልክን ምክንኻን ፀገም እንተሃልዩክን ወይካዓ ነቕርቦ ምክንኻን፧ ንሰራሕተኛን ተማሃሮ ዝግበር ስልጠና ዝምሓሽሉ ሓሳብ እንተሃልዩክን በጃኽን ናይ ደንበኛ መማኸርቲ ሰራሕተኛ ምስ ሓዲኦም ተመያየጡሉ። ናይ ደንበኛ መማኸርቲ ብዘለክን ፀገም ሓገዝ ንምሃብ ኣብ ኣስቤዳለ ደርከቡ እዮም። ብስልኪ 9344 2351 ወይካዓ 9344 200 ብምድዋል ምስደንበኛ መማኸርቲ ንምዝራብ ምሕታት።

ከምኡ'ውን ናብ ቋንቋ ኣገልግሎት ብምድዋል ምስደንበኛ መማኸርቲ ንምዝራብ ሓገዝ ምሕታት። ብስልኪ 9344 2245 ምድዋል።



THE ROYAL WOMEN'S HOSPITAL